## ዜና ጽንብል መበል 22 ልደት ዲምሓኩኤን መዕጸዊ ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤን

ጽንብል መበል 22 ልደትን መዕጸዊ ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዲምሓኩኤ **“ሓድነትና፣ መልክዕ ውዳቤና፣ ሓርነታዊ ቃልስና ዋሕስ ቀጻልነትና እዩ”** ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ወከልቲ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ፣ ወከልቲ ምክልኻል መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ህዝቢ እቲ ከባቢን ወከልቲ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ኣራ ኣብ ዝተረኽቡሉ ብክብ ዝበለ ድምቐት ተኸቢሩ።




ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምክያድ ብውድባዊ መዝሙር ተኸፊቱ። ብምቅጻል ሽምዓ ጽምብል መበል 22ን መዕጸዊ ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ብኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ተጋዳላይ ቀርነልዮስ ዑስማን ተወሊዑ። ከምኡ እውን መልእኽቲታት ኣባል ውድብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ብምክትል ኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ተጋዳላይ ተወልደ ሚናሴ ድሕሪ ምንባብ ጸሓፊ ውድብ ማላኪ ቲማቴዮስ ደምዳሚ መግለጺ ጽንብል መበል 22ን ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ኣመሓላሊፉ።





ነዚ ታሪኻዊ ዝኾነ ድርብ በዓል እዚ ብኤርኩ ባንድ ተሰኒዩ ኣብ መንጎ መንጎ ብጣዕሚ ዜማታትን ግጥምን ተሰኒዩ ናይ ደገፍ መልእኽታት ቀጺሎም። በዚ መሰረት ብኣካል ተረኺቦም መልእኽቶም ዘሕለፉ ወከልቲ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራን ወከልቲ ዝተፈላለዩ ተኻላት ከምዚ ይስዕብ።











1. ኣቦ መንበር ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ - ኢስማዒል ኢድርስ
2. ኣቦ መንበር ሰውራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ - ብርሃነ የማነ
3. ኣቦ መንበር ምንቅስቓስ መንእሰያት ንድሕነት ሃገር- ተስፉ ኣጽበሃ
4. ወኪል ኤርትራ ስምረት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ- ሰመረ ተመርጸ
5. ወኪል ስሙር ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ - ማሕደረ ተወልደብርሃን
6. ወኪል ኣራ - ነጋሲ ወልዱ ተረኺቦም ናይ ደገፍ መልእኽቶም የሕሊፎም






ከምኡ እውን ብዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ምኽንያት ብኣካል ተረኺቦም መልእኽቶም ከሕሊፉ ዘይከኣሉ መሓዙት ውድባት፡ ናይ ደገፍ መልእኽቶም ሰዲዶም። ንሳቶም

1. ሰልፍ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
2. ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ሓድነት ኤርትራ
3. ሰልፊ ናህዳ ኤርትራን እዮም።




ብከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መሰረት ብኤርኩ ባንድ ተዓጂቡ ድርብን ታሪኻዊ በዓልን መዕጸዊ ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዲምሓኩኤ ክሳብ ሰዓት 5:00 ብክብ ዝበለ ድምቐት ተኸቢሩ።



**ሓድነትና፣ መልክዕ ውዳቤና፣ ሓርነታዊ ቃልሲና ዋሕስ ቀጻልነትና እዩ!!**
**ሕጂውን መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!**